## ኣቶ ምሕረትኣብ ንምታ'ዩ እዚ ኹሉ ገልበጥበጥ ?

## ሃገር ነባሪ ! ስርዓት ግን ሓላፊ'ዩ ?





ምሕረትኣብ በርሄ ተቀማጢ ከተማ ማንሃይም ከም ማንም ኤርትራዊ ኣብ ግዜ ስርዓት ደርጊ ብመንገዲ ሱዳን ኣቢሉ ኣብ ከባቢ 1990 ንሃገር ጀርመን ኣትዩ ፖሎትካዊ ዕቑባ ድሕሪ ምሕታቱ ኣብ መፋርቅ 1997 ዘቕረቦ ሕቶ ፖለቲካዊ ዑቕባ ተነጺጉ ኣብ ዕጹው ደረጃ በጽሒ ፡ ንዓዱ ክምልሰ ብዝብል ውሳኔ ተደምደመ ኣብቲ እዋንቲ ንሱ ኣብ ዝቕመጠሉ ከተማ ማንሃይምን ከባብን ስደተኛታት ንኤርትራ ብፖሊስ ተገዲዶም ዝተመልስሉ እዋን ነበረ: ምሕረተኣብ ከኣ ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ ንከይወድቕ መንገዲ ጻጸ ኮይናቶ ኣብ ጸቢብ መንቀራቅሮ ኣተወ ፥ካብ ጭኚኔ ንምድሓንን፡ ኣብ ደሞክራስያዊ ሃገር ንክነብርን፡ ካብ ሓይሊ ፖሊስ ንክሕባእ መሕደሪኡ ገዲፉ ንሓያሎ እውናት በጃኻትኩም ኣሕድሩኒ…እንዳበለ ሓሓሊፉ መደቀሲ እንዳለምነ ክሕባእ ድሕሪ ምጽንሑ ፥ብምኽንያት መርዓ ካብ ምስጓጉ ክድሕን ከኣለ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ብሓቂ እንቛዕ ተዓወተ ሽግሩ ፈትሔ ኢልና፡ ምኽንያቱ ኣብ ዲሞክራስያዊ ሃገር ኮይኑ ኣብ ጎድኒ ዉጹዕ ህዝቢ ኤርትራ ተሰሊፉ ምእንቲ ቅዋም ፍትሒ ሰላም ኣብ ሃገርና ክነግስ ሕረስ ሓረስታይ ፥ንገድ ነጋዳይ ፥ተመሃር መንእሰይ ፥ተመራመር ሙሁር ተካኢ ትውልዲ ክዕንብብ ፥ዋሕዚ ስደት ደው ክብል፡ ምስ ጎረባብቲ ሃገርናውን ሰላምን ፍቕርን ምክብባር ናይ ሓባር ጠቕሚ ክምዕብል እትቃለስ ትመስል ነበርካ ።

ምሕረትኣብ ዘሕዝን እዩ ቅድም ኣብቲ ዘለካዮ ዓዲ ሰላይ ናይ ህግዲፍ ኣብ ውሽጢ ኤርትራውያን ክበሃል ክንሰማዓ ጸኒሔ ፡ ዝምድናታትካ ምስ ህግዲፍ ዝረኤኻ እንተነበረ ክሳዕ ክንድዚ ጸረ-ህዝቢ ክትስለፍ ዝግመተ ኣይነበረን ሎሚ ግን ፥ክሳዕ ክንደይ መሳርሒ ዲክታቶር ኢሰያስ ኣፈወርቂ ምኳንካ ባዕልኻ ኣብ ቅርዓት ወጺእካ ካመራ ሒዝካ ነቲ ብዕለት 12.07.2008 ኣብ ፍራንክፈርት ብተቓውምቲ ኤርትራውያን ንጎይታካ ዲክታቶር ኢሰያስ ኣፈወርቂ ንሰዓታት ዝኣክል ቪደዮ ( ኣልቡም)ክተልዕል ኣብቲ ቦታ ዊዒላካ፡ ዘገርምዩ!!

ምሕረትኣብ ኣብ መንጎ መሰል ዘለዎን፡ መሰል ዘይብሉን ዘሎ ፍልልይ ባዕልኻ ጽቡቕ ጌርካ ትርድኦ ኢኻ ዘገርም ግን ፖሊስ ጀርመን ብ1997ዓ.ም ክደልዩካ ከለዉ መሕደሪ ክትደሊ ገልበጥበጥ ክትብል÷ ፖሊስ ምርኣዮም ክሸቑርረካ ከሎ ሕጂ ዘለኻዮ'ሞ ርኣዮ መሰል ረኺብካ ዘግነት ናይ ትነብረሉ ዘለኻ ዓዲ ወሲድካ መራሕትካ ጀርመናውያን ክትመርጽ መሰልካ ተሓሉዩልካ ፡ እተቲ ተገልግሎ ዘለካ ስርዓት ግን ምናልባት ድሕሪ 30 ወይ 40… ዓመታት ምርጭ ክህሉ ክብል ከሎ (ኣቶ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ብዕለት 22.05.08 ቃለ መሕተት ምስ ኣልጀዚራ ብእግሊዝኛ ተመልከት )። ብሰንኪ ሕሱም ናብራ መንእሰያት ሃገር ኣደዳ ሰደትን፡ ሞትን፡ ምርሻንን፡ ከይኣሎ ህግደፍ ምስ ምስራውያን ተማሻጢሩ ብስም መከት ኢሉ ዝኣምረሮ ገንዘብ

ከፊሉ ኣስታት 740 መንእሰያት ብዕለት 1.07.2008 ብነፈርቲ ዃሪዱ ናብ በራካታት ኤርትራ ኣብ ጻሕጻሕ



ጎልጎል ትርእዮምዶ ኣለካ ?

ህግደፍ ምሕረት ክገብረሎም ማለት ኣበደን፡ ንዓያሹ መታን ከደናግር ኣብ ብማዕከናት ዜናኡ ሻዕብየት "መንእሰያት ካብ ሰደት ብሰላም ተመሊሶም " በለ ንጽባሒቱ እንታይ ከምዘጋጠሞቶም ደላይ ሰላምን ፈትሕን ደቃስ ሲኢኑ'ሎ።



ኣቦይ መሓመድ ሽፋ ……ድኣ መሰል ጥሮተኛታት ኣብ ሃገርና ይተሓሎ ዲዮም ዝብሉእ ዘለውስ ? ወይስ ነዞም ሰልፈኛታት ስኣሎም ጻዕዳ-ወረቀት ገርና ብነፈሪ ዃሪድና ምስቶም 740 ካብ ምስሪ ዝተዃረዱ ንሳዋ ክንሰዶም በሃልይ ዲዮም ?

ምሕረተኣብ እቲ ብሓለንጊ ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝወርዲ ዘሎ መከራን ብቀረባ ኣይትስሕቶም ኢካ ነዚ እንዳፈለጥካ ብዕለት 12.07.2008 ኣብ ፍርራንክፈት ዝተገብረ ሰላማዊ ሰልፊ ድማ ኣብ ኤርትራ በዥሩ ዘሎ ፡ሰብኣዊ መሰል ክሕሎ ፡ፍትሒ፡ ሰላምን ክነግስ ፡ ባርነት ክድምሰስ ፡ እቲ ትገብሩዎ ዘለኩም ፈቲቫል ኣብ ጠቕሚ ህዝቢ ክውዕል ዝበልና፣ንስካ ካብ ሓንቲ፡ ኣብ ክልተ በጺሕካ እንተትኮን ግን ንህዝቢ ኤርትራ ቁዋም ኣየድልዮን ምባልካ እንታይ ምስ በደለካ'ዩ? ህዝቢ መራሕቱ ክመርጽ ዲሞክራስያዊ እዩ ከምቲ ንስኻ ኣብ ጀርመን መራሕትኻ ትመርጾ ዘለኻ ንምንታይ ንህዝቢ ኤርትራ ደሞክራስያዊ ምርጫ ኣየድልዮን ትብል ኣለኻ? ወይስ ከምቲ ጎይታኻ ድሕሪ ሰላሳ ኣርባዓ ዓመታት ኢኻ ትብል ዘለኻ ንምንታ 30 ወይ 40 ዓመት? ኣብ መጨረሻ ክሓተካ ዝደሊ ስእልስ ዊዒልካና ረብሓኻ እንታይ እዩ? ወይስ ንስኻ ረብሓ የብልካን ዑሱብ ስለ ዝኾንካ ኢኻ ? ጎይታኻ ብስእልና ይረብሕዶ ኢልካ ትኣምንዶ ? ወይስ ካባኻ ዝዓብዩ ዑሱባት ኣዚዞምኻ ? መልሲ ንጽበ ?

ሰላምን ፍትሕን ንሓፋሽ ህዝብና !!

ብብርሃነ ኣሚነ ዕለት17.07.08

**Email:- berhaneamine@yahoo.de**